ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government of Regional National State of Tigrai
ቢሮ ሓበሬታ
Bureau of Information

ዕለት 17-10-2001 | ቑፅሪ ______________
Date_______________ | Ref. No______________

---

# ዝናኣድ ሰናይ ተበግሶ ኣባላት ማልት ሰሜን ኣሜሪካን ኣውሮጳን

ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ፤ፈታሒ ፀገም ምኻኑ ንኹሉ ቅሉዕ ሓቂ እዩ።ስለዝኾነ ድማ ዜጋታት ብቑዕን ደረጃኡ ዝሓለወን ትምህርት ረኺቦም ፈታሕቲ ፀገም ሃገሮምን ህዝቦምን ንኽኾኑ ትፅቢት ይግበር።ማልት ድማ ኣብ ክልልና ኢሉውን ኣብ ሃገርና ቦኽሪ ልምዓታዊ ህዝባዊ ትካል  ኣብነት ብምኻን ኣብ ኩሎም ክልላት ሃገርና ተመሳሰልቲ ክልላዊ ትካላት ልምዓት ንክጣየሻን  ግቡኣን  ንኽፃወታን ዓብይ ኣበርክቶ ገይራ እያ።

እዚ ቅዱስ ኣብነታዊ ንጥፈት ማልት ዝመፀ ብኣሻሕት ዝቑፀሩ ግዱሳትን  ፈተውቲ ዓዶም ዲያስፖራን ምኻኖም ይዝከር።ብመሰረትዚ ድማ 'ልምዓት ዓዲ ብወዲ ዓዲ 'ብዝብል ዓንዲ ጭርሖ ተሓንጊጦም ኣብ  ወፃእን ውሽጢ ዓድን ዝነብሩ ተጋሩን ፈተውቲ ህዝቢ ትግራይን ብዝገብሩዎ ዘይተሓለለ ፃዕርን ሓገዝን ዛጊድ ኣብ ህንፀት ትካላት ኣብያተ ትምህርቲ ፣ሕክምና፣ፅሩይ መስተ ማይን  መሰረተ ልምዓትን ኣብ ምምላእ ውሽጣዊ ናውቲ እዞም ትካላትን ዝተፃውትኩምዎ  መተካእታ ዘይብሉ ግደ /significant role/ ፀገማት ሕብረተሰብ ትግራይ ኣብ ምቕራፍ ይርከብ።ኣብ ቀረባ እዋናት ካብ ብዙሓት ብውሑዱ ኣብ ህንፀት ኣብያተ ትምህርቲ ዝገበርክምዎ ኣበርክቶ ንምግላፅ ዝኣክል፤

| ተ.ቁ | ፕሮጀክት ዝወሰደ ጨንፈር/ውልቀሰብ | ዓይነት ህንፃ | ፕሮጀክት ዘለዎ ቦታ | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ዞባ | ወረዳ | ጣብያ | |
| 1 | ሰሜን ኣሜሪካ | | | | | |
| 1.1 | ላስቬጋስ | ቀደማይ ብርኪ | ምዕራብ | ወልቃይት | ላዕላይሶላ | ተፈፂሙ ኣገልግሎት ምምሃር ምስትምሃር ከይዲጀሚሩኣሎ |
| 2.2 | ሲያትል | ቀደማይ ብርኪ | ሰሜን ምዕራብ | ታሕታይኣድያቦ | ዝባንገደና | ተፈፂሙ ኣብ ግልጋሎት ውዒሉ |
| 3.3 | ሳንዲያጎ | ቀደማይ ብርኪ | ደቡብ | ራያ ዓዘቦ | ማሩ | ተፈፂሙ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ |
| 4.4 | ሲያትል | ቀደማይ ብርኪ | ደቡብ ምብራኝ | እንደርታ | መኖስ | ተፈፂሙ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ |
| 5.5 | ሃይለፃዲቕ/ ዋሽንግተን/ ብውልቀ | ካልኣይ ብርኪ | ሰሜን ምዕራብ | ታሕታይ ቆራሮ | ሰመማ | ተፈፂሙ ኣብ ኣገልግት ውዒሉ |
| 6.6 | ኣትላንታ | ቀደማይ ብርኪ | ሰሜን ምዕራብ | ፀለምቲ | ዲማቁሸት ሰራረ | ተፈፂሙ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ |
| 7.7 | ቦስተን | ቀደማይ ብርኪ | ሰሜን ምዕራብ | ፀለምቲ | ሰቐጣ ማርያም | ተፈፂሙ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ |
| 8.8 | ኒዮወርክ | ቀደማይ ብርኪ | ምዕራብ | ፀገዴ | ግጨው ጎቤ | ኣብ ከይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 9.9 | ዳላስ | ቀደማይ ብርኪ | ሰ/ምዕራብ | ላዕላየ ኣድያቦ | ፃዕዳ ኣምቦራ | ኣብከይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 1.10 | ቤይ ኤርያ -ካሊፎርንያ | ቀደማይ ብርኪ | ሰ/ምዕራብ | ኣስገደ ፅንብላ | ሕንፀት/ጭራሰገ | ኣብከይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 1.11 | ዋሽንግተን ዲሲ | ቀደማይ ብርኪ | ማእኸላይ | ናዕዴር ዓዴት | ክሳድ ዓኺ ቁሸት ባንባ | ኣብ ክይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 1.12 | ሎስ ኣንጀሎስ | ቀደማይ ብርኪ | ደቡብ ምብራቅ | ዶጉዓ ተምቤን | ማሕበረ ሰላም | ኣብ ከይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 1.13 | ኖርዝ ካሮላቨና | ቀደማይ ብርኪ | ደቡብ | ኦፍላ | ድንቅኣሸና | ኣብ ከይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 1.14 | ቺካጎ | ቀደማይ ብርኪ | ደቡብ ምብራኝ | ሰሓርቲ ሳምረ | ማይ ተኸሊዓዲ | ኣብ ከይዲ ህንፀት ይርከብ |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | ትግራይ | |
| 2 | ኣውሮጳ | | | | | |
| 2.1 | ጀርመን | ቀደማይ ብርኪ | ሰ/ምዕራብ | ታሕታይ ኣድያቦ | መንጠብጠብ | ተፈፂሙ |
| 2.2 | ለንደን | ካልኣይ ብርኪ | ደቡብ ምብራቕ | ሕንጣሎ ዋጅራት | ወጀራት | ተፈፂሙ |
| 2.3 | ስዊዘርላንድ | ምስፍሕፋሕ ካልኣይ ብርኪ | ምዕራብ | ወልቃይት | ማይጋባ | ኣብ ከይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 2.4 | ሮም | ካልኣይ ብርኪ | ደቡብ | ኣምባ ኣላጀ | ስላዋ ደላ | ኣብ ከይዲ ህንፀት ይርከብ |
| 3 | ማእኸላይ ምብራቕ | | | | | |
| 3.1 | ጅዳን ከባቢኣን | ቀደማይ ብርኪ | ማእኸላይ | ቆላ ተምቤን | መንጂ | ተፈፂሙ |
| 3.2 | ሱዳን | ቀደማይ ብርኪ | ምዕራብ | ወልቃይት | ጓንጉዋልቆ | ኣብ ከይዲ ህንፀት |

ምንጪ፡-መፅሄት ማልት መቓልሕ ልምዓት ታሕሳስ-2001ዓ.ም.

ስለዝኮነ ድማ በኣሻሕት ዝቁፀሩ ተምሃሮ ካብ ዳስ ናበ ህንፃ ተሳጊሮም ካብ ዝበፅሖም ዝነበረ ንፋስ፣ቁሪ ፣ፀሓይን ዝናብን ተናጊፎም ስሩዕ ን ደረጃኡ ዝሓለወ ን ትምህርቲ ኣብ ምዕጋይ ይርከቡ።ካበዚ ብምብጋስ ድማ ሐዚውን ከምብሓዱሽ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ጨንፈር ናሽቪሌ/Nashville/ን ኣብ ኣውሮጳ ጨንፈር ጀርመን-ኣውሮጳን እትርከቡ ኣባላት ማልት ብምውዳብ ፀገማት ሕብረተሰብ ትግራይ ንምፍታሕ እትገብሩዎ ዘለኹም ምሽብሻብ ብሽም ህዝቢ ትግራይን መንግስቲ ብሄራዊ ክልልትግራይን ዝተሰመዐና ሓጎስናን ናእዳናን ንገልፅ።

እዚዝገበርኩምዎን እትገብሩዎ ዘለኹምን ሰናይ ተበግሶን ሓልዮትን ብፍላይ ካብ ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቃላሚኖ ዝወፁ ዘለዉ ምሩፃት ተምሃሮ ብዝላዓለ ፀብለልታ ኣብ ሃገራዊ ፈተናታት ብንኡድ ውፂኢት ዝሓልፉ ዘለዉ እንትኾን ዝተምሃረ ሓይሊ ሰብ ኣብ ምፍራይ ዝላዓለ እጃም ኣለዎ።እዚ ድማ ሳላ ናይ ሓባር

ተሳትፎ ዲያስፖራስ ተጋሩን ፈተውቲ ህዝቢ ትግራይን ዝተረኸበ ውፂኢት ምኻኑ ኩላትና ክንኮርዐሉ ይግባእ።

ይኹን'ምበር ሐዚውን ዘይተፈትሐ ብዙሓት ዝተሓላለኹ ፀጋማት ኣለዉ።ክሳብ ሕዚ ኣብ ዳስ ዝማሃሩ ተምሃሮ ኣለዉ።ርሑቕ መንገዲ ተጓዒዞም ዝማሃሩ ተምሃሮ ኣለዉ።ፅሩይ ዝስተ ማይ ዘይረክብ ህዝቢ ኣሎ፤ብዙሓት ናውቲ ትምህርትን ሕክምናን ዘይተማለአለን ኣብያተ ትምህርትን ኣብያተ ጥዕናን ኣለዋ።ሕፀረት ናውቲ ቤተ መፃሕፍቲን መሳለጢ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተርስ ቀረብ ዘይምህላው ወዘተ ዓበይቲ ብድሆታት ክልልና እዮም።ስለዚ ነዞም ፀገማት እዚኦም ንምፍታሕ ህዝቢ መንግስትን ኩሉ ኣባል ልምዓት ትግራይን ፈታዊ ህዝቢ ትግራይን /Diasporas/ ኢድ ንኢድ ተኣሳሲርና ብሓባር ብሓዱሽ ወነ ክንረባረብ ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ ኣባላት ማልት ዲያስፖራስ ኣብ ወፃኢ ዘጥረኽምዎ ፍልጠት፣ ምህዞ፣ ተሞክሮን ምርምርን መፅናዕትን ኣብ እዋን ዕረፍትኹም ኣብ ክልልና መፂእኹም ናፃ ኣገልግሎት እተበርኩትዎን እትፈጥሩዎ ስግግር ቴክኖሎጅን ኣዚዩ ኣገዳስን ፈታሒ ፀገምን ስለዝኾነ ነዚ ሰናይ ተበግሶ ድልዊ ዝኾነ ድማ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ ትግራይ ጥጡሕ ባይታ ዘመቻቸወ ምኻኑ ክንገልፅ ንፈትው።

ልምዓት ዓዲ ብወዲ ዓዲ!!

***መቐለ ትግራይ ኢትዮጵያ*** ✉ ***477*** ***Mekelle Tigrai Ethiopia***
***Head Office*** ***ፋክስ/ Fax*** ***E- Mail :****info@tigra-info.com*
☎*(0344) 40-07-69* *( 0344)-40-84-06* ***Web-site****: www.tigraibinfo.com*

***ራእይ ብ/ክ/መ/ትግራይ***
"ዝተመሓየሸ መነባብሮ፣ ዝለዓለ ብርኪ ትምህርትን ቴክኖሎጂን ዝወነነ ሕ/ሰብ ፣ ኣብ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተመስረተ ዲሞ/ሲ፣ ሰላምን ሰናይ ምም/ርን ዝነገሰላ፣ ምዕቡልን ተዋዳዳራይን ዝኾነ ማእኸላይ እቶት ዘለወን ሃገራት ዘረጋገፀአ ብርኪ ዕብየት ኢኮኖሚ ዝበፀሐት ትግራይ ምርኣይ።"